PRIMARK

# ስርዓተ ኣካይዳ PRIMARK 2025

## **1.** ዕዮ ብድሌት ዝተመርጸ እዩ።

1.1 ግዱድ ስራሕ ብዝኾነ ኣገባብ ክህሉ የብሉን እዚ ብባርነት፣ ውዕላዊ ቀይዲ፣ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ወይ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝካየድ ዕዮ የጠቓልልን ዝያዳ ሰዓት ምስራሕ ድማ ብወለንታ ክኸውን ይግባእ።

1.2 ዝኾነ ምስ ናይ ሰራሕተኛታት ዝተሓሓዝ ወጻኢታት ዝምልከት ብኣስራሒ ይኽፈል።

1.3 ሰራሕተኛታት ምስ ኣስራሒኦም ገንዘብ ወይ ውልቃዊ ሰነዳት ከቐምጡ ኣይግደዱን።

1.4 ሰራሕተኛታት ንኣስራሒኦም እኹል ዝኾነ ሓበሬታ ድሕሪ ምሃብ ክገድፎዎ ነጻ ክኾኑ ይግባእ።

## **2.** መሰል ምትእኽኻብን ናይ ሓባር ልዝብን

2.1 ኩሎም ሰራሕተኛታት ናብ ዝመረጽዎ ማሕበር ሰራሕተኛታት ክጽንበሩን፣ ማሕበር ክምስርቱ በዚ መሰረት ድማ ምስ ኣስራሒት ብወኪሎም ኣቢሎም ሓቢሮም ክላዘቡ ይኽእሉ።

2.2 ኣስራሒት ነቲ ብማሕበር ሰራሕተኛታትን ካልእን ዝግበር ማሕበራዊ ንጥፈታት ክፉት ዝኾነ ኣረእእያ ከማዕብሉ እዮም።

2.3 ወከልቲ ሰራሕተኛታት ኣንጻሮም ዘይቅኑዕ ኣተሓሕዛ ክግበረሎም ኣይግባእን ንስርሖም ዝምልከት ቀረባት ድማ ክህልዎም ይግባእ።

2.4 መሰል ምትእኽኻብን ናይ ሓባር ልዝብን ብሕጊ ዝተደረተ ምስ ዝኸውን፣ ብወገን ኣስራሒት ነዚ ኣብ ክንዲ ምዕንቃጽ ካልእ ተመሳሳሊ ኣገባብ ንናጽነት መሰል ምትእኽኻብን ናይ ሓባር ልዝብን ኣብ ምፍጣር መገዲ ከጣጥሑ እዮም።

2.5 ንሰራሕተኛታት ዝውክሉ ውልቀ ሰባት ብድሌቶም፣ ብቕኑዕ ኣገባብን ዝተመርጹን ካብ ዝኾነ ጽልዋ ድማ ነጻ ክኾኑ ይግባእ።

## **3.** ናይ ስራሕ ኩነታት ውሑስን ጥዕናኡ ዝተሓለወን እዩ።

3.1 ኣስራሒት ምስቲ ኢንዱስትሪ ብዝተሓሓዝ ብዘለዎም ፍልጠትን ከጋጥም ምስ ዝኽእል ሓደጋን ብዝተሓሓዝ ውሑስን ጥዕናኡ ዝተሓለወን ናይ ስራሕ ሃዋሁው ክፈጥሩ ይግባእ። እዚ ድማ ኣካላዊ ቅርጽን ናይቲ ህንጻታትን ዝጥቀሙሎም መሳለጥያታትን የጠቓልል።

3.2 ኣስራሕቲ ፖሊሲን ስርዓት ተጠቒሞም ኣብ ቦታ ስራሕ ካብ ከጋጥም ዝኽእል ሓደጋታትን ኣብ ጥዕና ክመጽእ ዝኽእል መጉዳእትን ንምክልኻል እኹል ስጉምቲ ክወስዱ ይግባእ።

3.3 ኣስራሕቲ ንምርግጋጽ ውሑስን ጥዕናኡ ዝተሓለወ ናይ ስራሕ ሃዋሁው ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት ዝስከም ላዕለዋይ ወኪል ኣመሓደርቲ ስራሕ ክመርጹ እዮም።

3.4 ሰራሕተኛታት ስሩዕን ምዝጉብን ዝኾነ ናይ ጥዕናን ድሕነትን ልምምድ ክወስዱ እዮም እዚ ልምምድ እዚ ንሓደሽቲ ሰራሕተኛታት ክድገም እዩ።

3.5 ናይ ጽሩይ ዓይኒ ምድርን ጽሩይ ዝስተ ማይ ቀረብ ክወሃብ እዩ። ኣገዳሲ ኮይኑ ኣብ ዝተረኽበሉ መግቢ ንምድላው፣ ንምብላዕ ወይ ንምዕቃብ ጽሩይን ውሑስን ዝኾነ ቀረብ ክዳሎ እዩ።

3.6 ኣብ እዋን ሕማም ወይ ሓደጋ ኣስራሕቲ ናብ ብቑዕ ዝኾነ ናይ ሕክምናዊ ሓገዝ ከቕርቡ ይግባእ።

3.7 መቐመጢ ኣብ ዝቕረበሉ ኩነታት፣ ብሰራሕተኛ ክምረጽ ኣለዎ እዚ ድማ ጽሩይ፣ ውሑስን መሰረታዊ ነገራት ከማልእ ኣለዎ።

## 4. ዕዮ ትሕቲ ዕድመ ኣይጥቀምን

4.1 ምኽታብ ወይ ምቑጻር ዕዮ ትሕቲ ዕድመ ኣይፍቀድን።

4.2 ኣብ ዝኾነ ሃገር ዝተሓተ ናይ ስራሕ ዕድመን፣ ከምኡ ውን ምቑጻር ዕዮ ትሕቲ

ዕድመ ዝምልከት ሕግታት ብዓለማዊ ውድብ ዕዮ(ILO) ወይ ድማ ሃገራዊ ወይ ዞባዊ ሕጊ፣ ዝኾነ ብዝበለጸ ነቲ ውልቀ ሰብ ክከላኸል ብዝኽእል ክግለጽ ኣለዎ።

ንምንጻር፣ ትሕቲ ዕድመ ሰራሕተኛ ኣብዚ ኩነት ንምርዳእ ሓደ ውልቀ ሰብ ልዕሊ

ሕጋዊ ናይ ስራሕ ዕድመ ኮይኑ ግን ትሕቲ 18 ዕድመ ዝገበረ እዩ።

4.3 ኩባንያታት ካብ ምኽታብን ምቑጻርን ዕዮ ትሕቲ ዕድመ ዝከላኸል ፖሊሲታትን መደበትን ክህልወን ይግባእ።

## 5. ንመንበሪ ዝኣክል ደሞዝ ይኽፈል

5.1 ኣብ ሰሙናዊ ዝተሰርሐ ንዝኽፈል ደሞዝን መልዕሎን ዝምልከት፣ ዝተሓተ ንሃገራዊ ዝተሓተ ደሞዝ ክበጽሕ እንተዘይኮነ ድማ ቅቡል ብዝኾነ ኢንዱስትርያዊ መወከሲ ይጥቀም። ኣብ ዝኾነ እዋን ደሞዝ ነቲ መሰረታዊ ዝኾነ ድሌታት ከማልእ

ዝኽእልን ከምኡ ውን ዝደለኻዮ ናይ ምግባር ከግብር ዝኽእል ኣታዊ ዘለዎ ክኸውን ይግባእ። Primark ዝተሓተ ደሞዝ ብሃገራዊ ናይ ሓባር ልዝብ ብደረጃ ኢንዱስትሪ ንክውሰን ዝካየድ ምንቅስቓስ የካይድ።

5.2 ኩሎም ሰራሕተኛታት ቅድሚ ስራሕ ምእታዎም ንስርሖም ዝኽፈል ደሞዝ ብዝምልከት ብቐሊሉ ክርድእዎ ዝኽእሉ ናይ ጽሑፍ መረዳእታ ብዛዕባ ነፍስ ወከፍ ክፍሊትን ኣገባብ ኣከፋፍላን ይወሃቦም።

5.3 ንሃገራዊ ሕጊ ኣፍልጦ ዘይብሉ ከም ዲሲፕሊናዊ ምቕጻዕቲ ተባሂሉ ካብ ደሞዝ ዝግበር ምጉዳል ፍቑድ ክሳብ ንጹር ፍቓድ ሰራሕተኛእ ዘይብሉ ፍቑድ ኣይኮነን። ዝኾነ ዝተወስደ ናይ ዲሲፕሊን ስጉምቲ ክምዝገብ ኣለዎ።

5.4 ዝያዳ ሰዓት ምስራሕ ኩሉ ግዜ ብልዑል ዋጋ ክከሓስ ኣለዎ፣ እዚ ማለት ካብ 125% ካብቲ ስሩዕ ክፍሊት ክጎድል ኣይግባእን።

5.5 ትርፊ ሰዓትን ሓገዛትን ኣብቲ ዝተሰርሓሉ እዋናት ክኽፈል ኣለዎ።

**6.** ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣዝዩ ብዙሕ ኣይኮነን።

6.1 ናይ ስራሕ ሰዓታት ምስ ሃገራዊ ሕግታትን ኢንዱስትርያዊ መወከሲ ክሰማማዕ ኣለዎ፣ ዝሓሸ ምክልኻል ክህብ ብዝኽእል።

6.2 መዐቀኒ ናይ ስራሕ ሰዓታትን ዝያዳ ግዜ ኣብ ዘየለወሉ ኩሉ ካብ 48 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ንላዕሊ ክኸውን ኣይግባእን እዚ ድማ ብውዕል ናይ ኩንትራትን ክኸውን ኣለዎ*።

6.3 ትርፊ ሰዓታት ዝርግሐ፣ ድግድምን ብውልቀ ሰባት ዝተሰርሐ ሰዓታን ኣብ ግምት ብምእታው ብሓላፍነት ክካየድ ይግባእ።

6.4 ብጠቕላል ዝያዳ ሰዓት ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ 7 መዓልቲ ልዕሊ 60 ሰዓታት ክስራሕ የብሉን፣ ካልእ ፍሉይ ኣጋጣሚ እንተዘይሃልዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ጉዳያት፣ እዞም ዝስዕቡ ክማልኡ ይግባኡ፦

- እዚ ብሕጊ ውሽጢ ሃገር ዝተፈቕደ እዩ፣
- እዚ ብሓባራዊ ስምምዕ ምስ ንዝበዝሐ ኣካል ሓይሊ ዕማም ዝውክል ማሕበር ሰራሕተኛታት ዝተፈቕደ እዩ፣

- ንጥዕናን ድሕነትን ሰራሕተኛታት ዝምልከት ግቡእ መሐለውታ ተወሲዱ እዩ፣ ከምኡ ውን
- ኣስራሒ ዘይንቡር ተርእዮታት ከም ትጽቢት ዘይተገብረሉ ናይ ፍርያት ምብራኽ፣ ሓደጋ ወይ ድማ ህጹጽ ኩነታት ከም ዘጋጥም ከረድእ ይኽእል።

6.5 ሰራሕተኛታት ብውሑዱ ኣብ 7 መዓልቲ 1 መዓልቲ ዕረፍቲ ክትህልዎም ይግባእ፣

ብሃገራዊ ሕጊ ዝተፈቕደ ምስ ዝኸውን ድማ ኣብ ነፍስ ወከፍ 14 መዓልቲ 2 መዓልቲ ዕረፍቲ ይወስዱ።

*ብመሰረት ኣህጉራዊ መለክዒ ገስጋሲ ናይ ስራሕ ሰዓታት(ብዘይ ትርፊ ሰዓታት)፣

*ኣይኣፍ ኣብ ዝኾነሉ ናብ 40 ሰዓታት ኣብ ሰሙን ክወርድ ግን ሰዓታት ክወርድ እንከሎ ብዘይ ዝኾነ ምጉዳል ደሞዝ ይኸውን።*

## 7. ኣድልዎ የለን

7.1 ኣብ ሰራሕተኛታት ኣድልዎ ክህሉ ኣይግባእን፣ እዚ ኣብ ምቑጻር፣ ሞያ፣ ካሕሳ፣ ዝወሃብ ልምምድ፣ ዕቤት፣ ምቁራጽ ይኹን ምጥያስ ጥራይ ዝውሰን ዘይኮነ ብዓሌት፣ ትውልዲ፣ ሕብሪ፣ ዜግነት፣ ሃይማኖት፣ ዕድመ፣ ስንክልና፣ ጾታ፣ ኩነታት መርዓ፣ ጾታዊ ምእዘና፣ ኣባልነት ኣብ ማሕበር ይኹን ፖለቲካዊ ምትእስሳር የጠቓልል።

## 8. ስሩዕ ስራሕ ኣሎ

8.1 ክሳብ ዝተኻእለ መጠን፣ ዝስራሕ ስራሕ ብመሰረት ዝተለመደ ናይ ስራሕ ዝምድናን ሃገራዊ ሕግን ብናይ ኢንዱስትሪ ልምድታትን ዝተሞርኮሰ ክኸውን ይግባእ።

8.2 ኣብ ትሕቲ ዕዮ ወይ ሕጊ ማሕበራዊ ውሕስነትን መምርሒታት ዘሎ ግዴታታትን ሰራሕተኛታትን ካብዚ

ስሩዕ ውዕል ስራሕ ዘሎ ዝምድና ብውዕል-ስራሕ፣ ንኡስ ውዕል፣ ካብ ገዛ ብዝስራሕ ኣገባብ፣ ወይ ብናይ ብተልመዴንነት ትልሚ ይኹን እምበር ሓቀኛ ዕላማ ናይ ምክፋል ይኹን ምቕራብ ስሩዕ ስራሕ ዘይብሉ፣ ከምኡ ውን ተወሳኺ ናይድሩት ግዜ ናይ ስራሕ ውዕል ብምቕራብ ክውገድ ኣይከኣል።

8.3 ዝያዳ ሰዓት ምስራሕ ንስሩዕ ናይ ስራሕ ግዜ መተክኢ ኣይከውንን።

8.4 ምቁራጽ ውዕል ኣብ ፍትሓዊ፣ ግሉጽን ምስ ሃገራዊ ሕጊ ዝሳነን ኣገባብ ዝተመርከሰ ከይኑ ንሰራሕተኛታት ድማ ብንጹር ዝግለጽ ክኸውን ኣለዎ።

## 9. ሕማቕን ኢሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ኣይዝውተርን

9.1 ዝኾነ ኣካልዊ ሃስያ፣ ምፍርራሕ፣ ጾታዊ ወይ ካልእ መጥቃዕትታት፣ ኣፋዊ ሃስያ ወይ ድማ ዝኾነ ካልእ ዓይነት ምፍርራሕ ተጻባኢ ወይ ቅር ዘብል ናይ ስራሕ ሃዋሁው ክፈጥር ዝኽእል ምፍጻም ኣይፍቀድን።

## 10. ከባብያዊ ሓላፍነት

10.1 ኣቕረብቲ ንድሕነትን ምክልኻልን ኣከባቢ ብዝምልከት ንዘሎ ሕግታትን መምርሒታትን ተማእዚዞም ክኸዱ ይግባእ። እዚ ማለት ህላውነት ኩሉ ዘድሊ ኣከባብያዊ ፍቓድ፣ ተቐባልነትን ምዝገባታትን የጠቓልል።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብኽብረትኩም ኣከባብያዊ ፖሊሲ ኣብዚ ኣንብብ።

## 11. ሕጋዊ ረቛሒታት

11.1 Primark ንግዲ ኣብዘካይደሉ ቦታታት ዘለዉ ሕጊታትን ደንብታትን ንምኽባር ድልው'ዩ። ከምኡ'ውን ነዞም ሕጊታትን ደንብታትን ንምግሃስ እናፈለጠ ኣይንቀሳቐስን።

11.2 ናይ ኣቕራቢ ስርዓተ ኣካይዳ ዘቕርቦ ሕቶ ካብቲ ብናይ ውሽጢ ሃገር ሕግታትን መምርሒታትን ዝቕርብ ዝልዕል ምስ ዝኸውን እቲ ዳሕረዋይ ፍሩስ ይኸውን።

## 12. ኣገባብ ጥርዓን ኣቀራርባ

12.1 ሰራሕተኛታት ኣብ ቦታ ስራሕ ብዘይ ዝኾነ ፍርሒን ካብ ሕነ ጥርዓኖም ከቕርቡሉ ዘፍቅድ ኣገባብ ክህሉ ይግባእ።

12.2 እዚ ኣገባብ እዚ ኣብ ግዜ ምቛጻር ንሰራሕተኛታት ክሕበርን ኣብ ዝኾነ ግዜ ድማ ሰራሕተኛታትን ወከልቶምን ብቐሊሉ ክረኽብዎን ኣለዎም።

12.3 ኣገባብ ጥርዓን ኣቀራርባ ዝግብኦ ደረጃ ኣመሓዳድራ ክሳትፍ ይግባእ።

12.4 ኣመሓደርቲ ድማ ስክፍታ ሰራሕተኛታት ብቅልጡፍ ኣቓልቦ ሂቦም፣ ርዱእን ንጹርን ብዝኾነ መስርሕ ብምኽታል እዋናዊ መልሲ ንዝልምከቶ ኣካል ክህቡ ይግባእ።

12.5 እዚ ኣገባብ ጥርዓን እዚ ንተራ ማሕበር ሰራሕተኛታት መስርሕ ሓባራዊ ልዝብ ዘየነኣእስን ንካልእ መስርሕ መስርሕ ፍርዲ፣ ሽምግልና ወይ ምምሕዳራዊ ስርዓታት ድማ ዘይዕንቅፍን ክኸውን ይግባእ።

**13.** ንጉቦ ይኹን ብልሽውና ተጻዋርነት የለን

13.1 ህያብ፣ ክፍሊት፣ ምሕታት ወይ ምቕባል ጉቦ ወይ ዘይሕጋዊ ምቁሻሽ፣ መሳለጢ ክፍሊት ብትሪ ዝተኸልከለ እዩ። ጉቦ ዝበሃል ምሃብ ወይ ምቕባል ዝኾነ ዓይነት ህያብ፣ ፍረ ጻማ፣ ሽልማት ይኹን ረብሓ ንዝኾነ ሰብ ኣብ ንግዲ ይኹን መንግስቲ ንዘለዎ ንግዳዊ ረብሓ ንክዕቅብ ወይ ንክደፋፍእ ወይ ንተቐባሊ ብዝገበሮ ዘይግቡእ ተግባር ምሽላም ወይ ድማ ተቐባሊ ከምኡ ዓይነት ረብሓታት ክቕበል ዘይግብኦ ምስ ዝቕበል የጠቓልል።

ጉቦ ብተወሳኺ ዝቐርብ ሕቶ ይኹን ውህብቶ ብሳልሳይ ኣካል ክካየድ ከሎ ከም ኣብ. ብልኡኽ፣ ወኪልን መንጎኛን ክኸውን ይኽእል።

ገለ ኣብነታት ናይ ጉቦ እዘም ዝሰዑ እዮም። እዚ ዝርዝር እዚ ምሉእ ኣይኮነን ኣብዚ ዘይተጥቕሱ ኣገባብ ክህልዉ ይኽእል እዩ፣

- ህያብ ወይ ናይ መዳዓዝያ ወጻኢታት
- ዋጋ ዘይክፈሎ ኣጠቓቕማ ናይ ትካል ኣገልግሎት፣ መሳለጥያታት ወይ ንብረት
- ክፍሊት ብጥረ ገንዘብ
- ለቓሕ፣ ናይ ለቓሕ ውሕስነት ወይ ልቓሕ ብካልእ መልክዕ
- ረብሓ ምሃብ፣ ከም ናይ ዕድል ማህደረ ትምህርቲ ወይ ሕክምናዊ ክንክን ንኣባል ስድራቤት ዓሚል ክኸውን ዝኽእል ሰብ/ ህዝባዊ ወይ መንግስታዊ በዓል ስልጣን
- ምስ ቀንዲ ውዕል ኣብ ምሃብ ኢድ ዘለዎ ሰብ ካልእ ትሕተ-ውዕል ምቕራብ
- ብስድራ ቤት ዓሚል ክኸውን ዓቕሚ ዘለዎ ሰብ/ህዝባዊ ወይ መንግስታዊ በዓል ስልጣን ዝውነን ትካል ውሽጢ ሃገር ምቁራን

## ስርዓተ ኣካይዳ PRIMARK 2025

13.2 መሳለጢ ክፍሊት ውሕድ ዝበለ ክፍሊት ብመንግስታውያን ሰብ ስልጣን ዝሕተት ንልሙድ መንግስታዊ ኣካይዳ (ቪዛ ምሃብ፣ ምጽራይ ኣብ ግምሩክ) ዘሳልጥ እዩ። እዚ ክፍሊት እዚ ብትሪ ዝተኸልከለ እዩ።

13.3 ኣቕረበቲ፣ ወከልትን ሰራሕተኛታቶምን ኩሎም ምስ ናይ ጸረ ጉቦን ብልሽውናን ሕግታት ተማእዚዞም ክኸዱ ኣለዎም። ጸረ ጉቦ ወይ ብልሽውና ዝኾነ ሕጊ ኣብ ዘየለወሉ ወይ ድማ እቲ ዘሎ ሕጊ ብደረጃ መዐቀኒ ካብ UK Bribery Act 2010 ዝፎክስ ኣብ ዝኾነሉ፣ ኣቕረብቲ፣ ወከልቲ ምስ ሰራሕተኛታቶም ብናይ UK Bribery Act 2010 ተማእዚዞም ይኸዱ።

13.4 ኣቕረብቲን ወከልትን ንሰራሕተኛታቶምን ወይ ምስኦም ብንግዲ ዝተሓሓዙ ሰባት ኣብ ጉቦን ብልሽውናን ከይሳተፉ ዘኽእል ኣገባብ ክህልዎም ይግባእ። ኣቕረብቲን ወከልትን ነዚም ኣገባባት እዚኦም ብግቡእ ኣብ ስርሖም ከተግብርዎምን ብስሉጥ ኣገባብ ይሰርሑ ምህላዎም ንምርግጋጽ ድማ ብስሩዕ ክለሳ ከካይድሎም እዮም።